## ሰላም ንደቂ ኣግኣዚ ኦፐረሽን (መቐለ )

ኹሉ ህዝቢ ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ ከምልፈልጦ ብናይ ደርጊ ስርዓት ብዙሓት ደቂ ትግራይ ኣብ ከርሽለ ተዳጒኖም : ከምዝነበሩ ናይ ትማሊ ትዝታና ኢዩ :: ነዚዩ'ውንዩ ናይ መቐለ ኣግኣዚ ኦፐረሽን ዘድለየ ::ናይቲ ኦፐረሽን ሰሪሒት እስካብ ልፍፀም ካብ 20 ዓመታት ልላዕሊ ኮይንዎ'ዩ :: በዚ ኦፐረሽን ኣግኣዚ ተጠቀምቲ ልኾና ሰባት በብዓመቱ እታ ካብ ደርጊ ኣፍ ልወፃእናላ ዕለት ወይም መዓልቲ ሽምዓ ብምብራህን ብስልኪ እንኳዕ ኣብፀሓካ (ኩም) እንኳዕ ልካልኣይ ልደት ኣበፀሐኩም ብምባል ኣብዘናዮ ኮይንና ተይዘከረናዮ ከምዘይን ሓልፍ ርዱእ'ዩ ::

ውድብና ኣሻሓት ምቁሓት ካብ ደርጊ ኣፍ ልምልቃቕ ኮማንዶ ኣሰልጢና እቲ ስረሒት ኣግኣዚ ተግባራዊ ኮይኑ'ዩ :: ባሻሓት ንቁፀር እሱራት ደርጊ ዝነበርና ኣብዚ እዋን ናይ ሰላም ኣየር ንትንፍስ ኣለና :: እቲ ብመጀር ጀኔራል ሓየሎም ልተመርሐ ኮማንዶ ናትና ህይወት ልምድሓን ክቡር ሂወቶም ልሰወኡ ኣለው :: እዚ ለይከሓድ ሓቂ'ዩ :: ካብቶም ኮማንዶ ሓዲኡ ብናይ ፀላኢ ጥይት ልተወግአ ልብፆቱ እንተሓትት“ ኣንታ ኩሎም ዶ ወፂኦም በለሞ' እወ ዝብል መልሲ ምስረኸበ ደጊም ዳሕና እንኳእ ዳኣ ንሳቶም (ኡሱራት) ወፁምበር ኣነስ ዳህና” ከምዝበለ ብፈላይ ኢጋኣዚ ትንዝክር ኣብ ንናትና ርእሲ ኮይኑ ዝድውል ሓቂ'ዩ :: ስለ ኦፐረሽን ኣግኣዚ ብዙሕ ምባል ምተኽኣለ : ሰብ ሞያ ከም ንብርሃኑ ኣባዲ ዝበሉ ፀሓፍቲ ስለዘለው ፤ ብረሃኑ ዕሒፍዎዩ ዝተረፈውን ብርሃኑ ከምዝ ዕሕፎ ተስፋ ኣለኒ ::

ኣብ ዓድን ወፃእን ልንርረከብ ደቂ ኣግኣዚ ኩሉ ኣብ ዓዲ ውሽጢ ብስም ኣግኣዚ ኦፐረሽን ልተሰርሐ መዘከርታ እነተሃልዩ በጃኹም ሓቡሩለይ :: እንተ ዘይ ሃሊዩ ድማ ልቅድሚት ታይ ይሕሰብ'ሎ ?
እዚ ሕቶ ዝሓተትኩሉ ምክንያት ኣነውን ናይቲ ኦፐረሽን ኣግኣዚ ውፅኢት ስለዝኮንኩ እጃመይ ከበርክት ስለ ዝደለኹ'ዩም መልሲ ካባኹም ይፅበ : ወይድማ ሓድሽ ጠመተ እንተሃለዩኩም ከመይ ገይርና መዘከርታ ኣግኣዚ ኦፐረሽን ጠጠው ነብል ብዝብል ነዋግዐሉ :: Let us organize and do something that will never die.
For comments or Ideas I can be reached at
getachewg3@yahoo.com or
( 408) 829 9318 Thank you.

ሓውኹም : ጌታቸው ጓንጉል ::

ወዲ ኣግኣዚ (መቐለ )